


# ንሕና ክታበት ኮሮና ቫይረስ ክትክተቡ ንምክር

ኩሉም ሕማም ሽኮርያ ዘለዎም ሰባት ነዚ ናይ ሕማም ኮሮና ክታበት ክኽተቡ ጽቡቕ እዩ ኢልና ነማኽር። እዚ ንኹሉም ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮርያ ዘለዎም ሰባት ዘገልግል እዩ።

diabetesforbundet

# ብዛዕባ ክታበት ናይ ኮሮና ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ'ዶ፧



ሕማም ሽኮርያ ዘለዎም ሰባት እንተድኣ ብኮሮና ቫይረስ ተለኺፎም ብጽኑዕ ክሓሙ ዘሎዎም ተኽእሎ ዓቢ እዩ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ዝሓምሉ እዋን ዓቐን ሽኮር ኣብ ደሞም ንኽቆጻጸርዎ ከጸግሞም ይኽእል እዩ።

## ምጽዳቕ ናይቲ ክታበት

- ንክታበት ኮሮና ኣብ ኤውሮጳን ነርወይን ዝመደበሮም ሰብ-መዚ መድሃኒት እዮም ዘጽድቕዎ።
- ንጽፈቱን፡ውጽኢቱን ድሕንነቱን ዝምልከት ጽኑዕ ቁጽጽር/ጠለብ እዩ ዘሎ።
- ሓደ ክታበት ተቐባልነት ዝረክብ እቲ ረብሕኡ ካብቲ ሓደጋኡ ኣጸቢቑ ዝዓቢ ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ ።
- እዚ ክታበት'ዚ ኣብ ብዙሓት ኣሽሓት ሰባት ኣብ ዝተገበረ ሰፊሕ መጽናዕታዊ ምርምር ተፈቲኑ እዩ።

## እቲ ክታበት ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ:

- እቲ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ኢድ(ምናት) ብመርፍእ ዝወሃብ ኮይኑ ኣድማዒ ክኸውን እንተኾይኑ ግዴታ ነቲ ክታበት ክልተ ግዜ ክትክተቦ ይግባእ።

- ዝበዝሐ ሰባት ድሕሪ 1-2 ሰሙን ነቲ ካልኣይ ክታበት ምኽታቦም ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የጥርዩ።
- እቲ ክታበት ሰብነትና ንኮሮና ቫይረስ ክለልዮን ክከላኸሎን ዝምህሮ እዩ።
- ትሕዝቶ ናይቲ ክታበት ካብ ሰብነትና ቀልጢፉ ዝጠፍእ እኳ እንተኾነ ሰብነትና ግና ነቲ ቫይረስ ከመይ ጌሩ ክከላኸሎ ከምዝኽእል ይዝክሮ እዩ።
- ድሕሪ ክታበት ምውሰድካ'ውን ነቲ መምርሒታት ናይ ለበዳ ሕማም ክትስዕቦ ጽቡቕ እዩ። እዚ ድማ ክታበት ድሕሪ ምኽታብካ ተሸካሚ ናይቲ ሕማም ክትከውን ከምእትኽእል ኣፍልጦ ስለዘይብልና እዩ።

## እቶም ንቡራት ጎድናዊ ሳዕቤናት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ቃንዛ ኣብቲ ዝተኸተብካሉ ቦታ
- ድኻም
- ሕማም ርእሲ
- ቀጨውጨው ምባል
- ረስንን ቁሪ ቁሪ ምባልን

እዞም ጎድናዊ ሳዕቤናት እዚኦም ጽቡቕ ስምዒት ዘህቡ'ኳ እንተዘይኮኑ ድሕሪ ቁሩብ መዓልቲ ግና ዝገድፉ እዮም። ዝኾነ ይኹን ግና ሕማም ሽኮር ዘለኩም ሰባት ድሕሪ ምኽታብኩም ዓቀን ሽኮር ኣብ ደምኩም ዝያዳ ምክትታል ክትገብረሉ ጽቡቕ እዩ። እንተድኣ ዓቀን ሽኮር ኣብ ደምኩም ካብቲ ልሙድ ዓቀን ንላዕሊ ከም ዝደየበ ተዓዚብኩም ሕክምናዊ ክንክን ክትረኽቡ ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ።

## እቲ ክታበት ብኸመይ ትረኽቦ?

- እቲ ናይ ኮሮና ክታበት ንነበርቲ ኖርወይ ዋላ'ውን ዜጋታት ናይ ካልእ ሃገር ይኹኑ ብነጻ ዝውሃብ እዩ።
- ብመንገዲ ቴለፎን ወይ ናይ ቴሌፎን ሓጺር መልእኽቲ(SMS) ገይሮም ቀዋሚ ሓኪምካ ወይ ምምሕዳርካ(ኮሙናኻ) ክታበት ትኽተበሉ እዋን ክሕብሩኻ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ ምምሕዳርካ መርበብ ኢንተርነት ዘሎ ሓበሬታ ርአ።

እቲ ክታበት ምኽታብ ብድሌት እዩ እንተኾነ ማሕበር ሽኮርያ ግና ኩሉ ሰብ ብፍላይ ድማ እቶም ሕማም ሽኾርያ ዘለዎም ሰባት ነቲ ክታበት ክኽተብዎ የማኽር።

ብዛዕባ ሕማም ኮሮናን ክታበቱን ዝያዳ ሓበሬታ ምስ እትደሊ ኣብ diabetes.no ን https://www.fhi.no/sv/vaksine/koronavaksinasjonsprogrammet ኣብዚ ብምጥዋቕ ኣንብብ።

ምንጪ: ፎልክሄልሰ ኢኒስቱተት (Folkehelseinstituttet)
ማሕበር ሽኮርያ (Diabetesforbundet)

**diabetes**forbundet